# ኮሮና - ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ መዓልታዊ ሂወት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ

ለበዳ ሕማም ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምግታእ ብዙሕ ስጉምትታት ኣበጊስና ኣሎና። ከም ኣብነት መብራህቲ ትራፊክ ቀጠልያን ብጫን ቀይሕን በብደረጅኡ ኣየናይ ደረጃ ስጉምቲ ቁጽጽር ለበዳ ሕማም ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲታት ከም ዘገልግል ዘርኢ እዩ። ኣብ ኖርወይ ዘሎ ኩነታት ለበዳ ሕማም እዩ ዝውስን ኣየናይ ደረጃ ንሕና ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኽተል።

## ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሕስነቶም ዝተሓለወ እዩ።

ንሕና ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ውሕስነት ዘለዎን ጽቡቅ ሃዋህውን/ዕግበትን ክስምዖም ብቀጻሊ ክንሰርሕ ኢና። ኩሎም ሰራሕተኛታት'ዚ ቤት ትምህርቲ፡ እቶም ተመሃሮ ጽቡቕ ምህላዎም ንምርግጋጽ ምክትታል ክገብሩ እዮም። ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ እዋን ለበዳ ሕማም ንምግታእ ዝያዳ ጥንቃቐታት ክንገብር ኢና። ንሕና ብዝያዳ ነተኩረሎም እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ዝኾነ ዝሓመመ ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኤሰፉ/ SFO ንኸይመጽእ።
- ቅድሚ ናብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእኩም ኣእዳውኩም ብግቡእ ተሓጸቡ።
- ግቡእ ንጽህና ኣእዳውን ጽሬትን ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## መዓልታዊ ሂወት ቤት ትምህርቲ ከመይ ክኸውን እዩ?

**ደረጃ ቀጠልያ ሕብሪ:** መዓልታዊ ሂወት ቤት ትምህርቲ ከምቲ ልሙድ ኮይኑ ግን ተመሃሮን መምሃራንን ብኢድ ሰላምታ ምብህሃልን ምስዕዓምን ከወግዱ ኣለዎም።

**ደረጃ ብጫ ሕብሪ:** ኩሎም ተመሃሮ ናይ ሓንቲ ክፍሊ ብሓባር ክኾኑ ይኽእሉ፡ ከምኡ ውን ኩሎም ተመሃሮ ስሩዕ ናይ ምሉእ መዓልቲ ትምህርቲ ከምቲ ንቡር ይከታተሉ። እቲ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ብምምቃል፡ እተን ክፍልታት ካብ ነንሕድሕደን ከም ዝፈላለያ ክግበር ይክኣል እዩ። ተመሃሮን መምሃራንን ድማ ኣብ ነንሕድሕድ ብኢድ ሰላም ምብህሃልን ምስዕዓምን ብብዝሒ ምእካብን ከወግዱ ኣለዎም።

**ደረጃ ቀይሕ ሕብሪ:** ተመሃሮ ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ከም ዝምቀሉ ይግበር። ክንደይ ተመሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ከመጹ ከምዘለዎም ወሰን ምግባር ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል። ተመሃሮ ኣብ ዝተፈላለየ ሰዓታት ናብ ቤት ትምህርቲ ክመጹ'ውን ክንሓቶም ንኽእል ኢና። ኣብ ነንሕድሕድና ርሕቀት ክንሕሉ ኣለና፡ ተመሃሮ ብዙሕ ግዜ ኣብ ግዳም ክኾኑ እዮም፡ ዋላ ኣብቲ ስሩዕ ሰዓታት ትምህርቲ ግዜ።

## መጓዓዝያ ናብ ቤት ትምህርቲ

**ደረጃ ብጫ ሕብሪ:** ተመሃሮ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ መጓዓዝያ ክወስዱ ግድነት ዘለዎም፡ ካብን ናብን ቤት ትምህርቲ ክኸዱ፡ ኣውቶቡስ ወይ ካልእ ዓይነት ትራንስፖርት ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ተመሃሮ ካብ ካልኦት ርሕቀቶም ክሕልው ይግብኦም፡ ግና ዋላ እኳ ካብ ኻልኦት ተጓዓዝቲ ክርሕቁ ግዴታ እንተኾነ፡ ካብ መማህርቶም ተመሃሮ ሓደ ሜትሮ ክርሕቁ ግና ኣይሕተቱን (ኣየድልዮምን) እዩ።

**ደረጃ ቀይሕ ሕብሪ:** እንተድኣ እቶም ተመሃሮ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ ወይ ካልእ ዓይነት መጐዓዝያ/ትራንስፖርት ዝጥቀሙ ኮይኖም ኣውቶቡስ ክጽበዩ ከለው ይኹን ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ከለዉ ርሕቀቶም ኣጸቢቖም ክሕልዉ ከም ዘለዎም ክስተውዕሉ ኣለዎም። እቶም ተመሃሮ ካልእ ዓይነት መጓዓዝያ ክጥቀሙ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ክፍትሹ ይግባእ።

## ግዴታ ትምህርቲ ንኹሎም ተመሃሮ

ኵሎም ተመሃሮ ትምህርቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ቤት ትምህርቲ ድማ ደርጃ ለበዳ ሕማም ኣብ ቀጠልያ ይኹን፡ ብጫ ወይ ቀይሕ ይሃሉ ብዘየገድስ ንኹሎም ተመሃሮ ጽቡቕ ትምህርቲ ንኽረኽቡ ከውሕስ ግዴታ ኣለዎ።

እንተድኣ ሕቶ ሃልዩኩም፡ ምስና ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዘለና ተራኸቡ 😊